## መኒኻ ዝብለንስ መንዩኸ ንሱ? 15.02.17፡

“ሃይ፡ ኣበይድኣ ተሰዊርካ ጸኒሕካ? ኣነስ "ከይፈለጥናዶ ካን ተኻርጁ” ካብዝብል ሻቕሎት ሃለዋትካ ንምፍላጥ ክደልየካ ቀንየ ክረኽበካ ግን ኣይከኣልኩን” . . . . . . . ናብ ዘምጽኦ ዕላል ኢየ ሒዘኩም ክኸይድ።

ቅንያተይ ምስ ሓደ ካብቶም ከምገለ ወዝቢ ዓይነት እንተረኽቦም ጥፉኣት ከናዲ ዝተዋፈረ ብልሂ ተደፊኣ ምቕናያ ምዝራቡ ጽቡቕ ብምኧኑ ከውጋዓሉ እነኹ ተቐልቂለ። ወዮ ሃለዋተይን እምነተይን ክእልሸ ዝቐነየ ‘ፈላጢየይ’፡ ሕያዋይን ተሓላቕን መሲሉ ኣመተይ ክገብር ብተደጋጋሚ ጻውዒት ተሌፎን ክፈታትሸኒ ብምቕናዩ ተራኺብናስ ብሰፊሑ ንዘዕለልናዮ ቅንጥብጣብ ዛዕባታት ብኣዝዩ ዝሓጸረ ኩነትን ተገዳስነትን ከውጋዓኩም ክብል ኢለ’የ’ሞ ሃየስከ ንኺድ።

ክቡር መዋግዕተይ፡ ቅድሚ ዝኾነ ገፊጥ-መፈጥ ምዝራብይ፡ ኣርእስተይ ኣብ ክልተ ዝተኸፍለ ምኧኑ ክነግራካ። እታ ሓንቲ እዛ ድሮ ከም ኣርእስቲ ኣቐሚጠያ ዘለኹ ብፍላይ ንዓኻ ትምልከት መኣዲ ዛንጡይ-መዓንጡይ ክትከውን እንከላ፡ እታ “ፖለቲካዊ መናውር” ትብል 2ይቲ መኣዲ ሕምቶን (ድሎት ትበሃል ቃል ኣይፈትዋን’የ) ፖለቲካዊ ሓኸለ-ቅልጽማትን ‘ውን ክትስዕብ ኢያ’ሞ ከምቲ “ጽሑፋትካ እከታተሎ ኢየ” ዝበልካዮ ክትከታተሎ ትዕግስቲ ክትረክብ እምነየልካ።

ከም ትዕዝብተይ፡ ከምቲ ኣብ ውትህድርና መኣዝን ጸላኢ ንምፍታሽ ወይ ንምድንጋሩ ዝትኮስ ጠያይቲ፡ ኣብ ፖለቲካ ከኣ ከምኡ ስለዘሎ እንሆ መራሒና ብምብራቕ ተራእዩ ምዕራብ እናሓደረ ኣዐዊኑና መሳሓቒ ዓለም ኴንና። ንስኻ ከተናድየኒ ምቕናይካ ካብ ልሳንካ ብምስምዐይ’ውን ምስጢሩ ድሮ ካብቲ ኣብ ኣደባባይ ዘሎ ምኧኑ’ዩ። መቸም ከምቲ ዝበልካኒ ዕላልና ኣይተወድአን ዝውዳእ’ውን ኣይኮነን። ግናስ ነገሩ ግልጺ ንምግባር እቲ ዘቕረብካዮ ዛዕባ ንኻልእ መበገሲ ስለዝተጠቐምካሉ እንተዘይኮይኑ፡ ብዛዕባ’ቲ ራዲዮ መድረኽ ንዝህልዋ ተልእኾ ክፈታትሸ መደበይ ከም ዘይነበረት’ሞ ካብቲ መልእኽተይ’ውን ክትርድኦ ምኽኣልካ። ናብቲ ዝጸሓፍኩዎ ዘእተወኒ ምኽንያት ድማ እታ ራዲዮ፡ ዓድና **“ንናይ ጽባሕ ንጉስና”** ብዝምህሩ ወፋሮ ምሁራት ከምዘጥለቕለቐት ክትሕብር ንዝፈነወቶ ዜና’ምበር ብዛዕባኣ ዝዓለመ ኣይነበረን ጽሑፈይ። ከምኡ እንተኾይኑ ከኣ “እቲ ንኣብራሃም ኢሳይያስ ዝወሃብ ብሕቱው ምህሮ ኪኖ ሞያ **‘ፈላሊኻ ግዛእ’** ካልእ ክኸውን ኣይኽእል። ነዚ ጥበብ’ዚ ዝምህር’ውን ብእምነተይ ካብ ወላዲኡ ንላዕሊ ዝውሕልል ሰብ ኣሎ ኣይብልን። እንተሓሰብካዮ’ኸ ንናይ ኣገዛዝኣ ብልሓት፡ ንመገዲ ጥልመት ክሳብ ክንድቲ ዝመስለና ዕጥቂ ሰይጣንዶ መልኣኽ ዘጥቅስ’ኮ የብሉን። እታ ምስጢር ሓንቲ ጥራይ ኢያ። ነብስኻ ኣብ ማዕሰብቲ እንተነቕ’ትካያ ኣኺሉ! ኣብ ገዛእ ሃገርካ ከም ሓደ ኤምባሲ ናይ እንዳማትካ ኴንካ ማለት’ዩ። ከምዚ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ነዞም ዕሱባቱ ኣሸካዕሊልሎም ዘሎ፡ ንርእሱ’ውን ኣብ ኢድ ለኣኽቱ ትሑዝ ብምኧኑ ነብሱ ከይመሰለ ድማ ሓንቲ መዓልቲ ጨርቂ ከምዘዕጥቕዎ ጭቡጥ ምኧኑ ኣይትጠራጠር። እንተ’ቶም መማህራን ኣብራሃም “ኣይፍለጥን ድማ ከም ካልኣይ-ሳልሳይ ተወሳኺ ክፍለ-ግዜ (period) ናይ ተወሳኺ ዓውደ-ፍልጠት ክምህርዎ መጺኦም እንተኾይኖም” ኢለ እዝጊ ንዝፈልጦስ ንዝጊ ምግዳፉ ከምዝሓይሸ እናተረዳእኩ ከም ዝገደፍኩዎን፡ እንተ’ቲ ዘልዓልካዩ ቁርጽራጽ ዕላል ግን ገሊኡ ስለዝዓጀበኒ እንተውጋዕኩሉ ነውሪ ከምዘይከውን ዓሊመ እነኹ ተመሊሰካ።

ምስ ዘይፈልጠን ዘይሪኦን ሰብ ብተሌፎን ክንድኡ ምምልላሰይ'ውን ብጉርሕኻ ማዕጾ ከምዘርሓኻ ከምዝመስለካ እናፈለጥኩ ካብቲ መደባትካ ኣይኮለፍኩኻን። ከምቲ ቅድሚ ሎሚ **“መን ኢኻ ዝብለንስ መን ኢዩኸ ንሱ?”** ክብል ዝጸሓፍኩዎ ድማ "ንነገሩ ንስኻ መን ኢኻ?" ኢለ'ውን ኣይዓንቀጽኩኻን። ካልእ ኣይኮነን፡ ጥራይ ብዙሕ ልምዲ ስለዘለኒ እቲ ክትብሎ ትደሊ ከይበልካዮ እፈልጦን እቲ ብሓልዩት ዝቐምሰለ ቃላትካ’ውን ንመንነትካ ከጋርድ ስለዘይተኻእሎን፡ ብሓፈሻኡ'ውን ኣነ ኣብዚ ናይ ፈተሻ መደናገሪ ተኹሲ ዘጠብሉቕ ከምዘይብለይ እንተትፈልጥን ንርእስኻ ኣብ ከንቱ ፈተነ ኣይምኾብለልካን ማለተይ ኢየ።

ኣፈይ ክኸፍት ካብተደልየ ግና፡ ከምቲ ጽሑፈይ ንኢሳይያስ ጥራይ ክዕልምን ከምኡ ድማ ኣብታ ዝጽሕፉ ኣርእስቲ ጥራይ ከተኩርን ‘ህጻናት’ ዘይፈልጥዎ ዘይርዱእ ከበድቲ ቃላት ከይጥቀምን ዝሓበርካኒ፡ ኣነ ድማ ምዕዶኻ ኣይርዳኣንን ከም ዝኾነ ንሓዋሩ ክትርዳኣለይ እሕብረካ። መበገሲ ምዕዶኻ ዝኾኑኻ ብሉጻት ሰብሞያ እንተልዮም ንዝመረጽካዮ ከተድንቕ መሰልካ ኢዩ። እንተ ኣነ ንዘለኒ ፖለቲካዊ ሓሳባተይ ንምግላጽ ዝጥቀመሉ ተራ ቋንቋ’ምበር ከምቲ ‘ስነ-ጽሑፍ’ ትብሎ ክወዳደር ሓሲበሉ’ኳ ኣይፈልጥን። ብተወሳኺ እቲ ብልጸትን ክእለትን ዝመስለካ ባህጊ ናይ ተር-ከም ዓተር ውሕሉል ኣጻሓሕፋን ብብዝሒ ሰራዊት ኮሜንትታት ዝሃጥር ውቃበን ሒዝካ ክትታተ እንተመሪጽካ፡ ግዜን ማዕበልን ንማንም ኣይጽበን ኢዩ።

እዋኑ እዋን ነብሲ ኣድሕን’ምበር እዋን ንግዲ ኣይኮነን ጥራይ ዘይኮነ፡ ንዝቐረበ ትሕዝቶ ምድናቕን ምንቃፍን ንርእሱ ብቕዓት ስለዘድልዮ፡ ብዝወፈርካዮ ቦታታት ንዘዝሰማዕካዩን ዘንበብካዮን ቁምነገሩ ክንዲ ምስትምቓርን ምስትምሃርንሲ በቶም ዘርከቡሉ ናይ “መን ከማና” በሃልቲ እንተተደናጊርካ በኹርካ ከምዘለኻ እናኣዘኻኸርኩ፡ ሕጂ’ውን ንስኻ’ሞ ንጽሑፋተይ ኣዒንትኻ ኣጨምቲልካ እናኣንበብካዮም፡ ነገር ቦኽትሽ ኣብ ጥራይ ጎልጎል ከንቱ ጎስጓሳት እናነስነስካ መንእሰያት ክንዲ ተጎናድብ፡ ዝያዳ ክፈልጡ ዝያዳ ከምዘንብቡ እንተተባብዖም ምበለጸ። ንዝተቐረበ ምስትንዓቕን ምቁንጻብን እንተቐሊሉ፡ ዝተቐረበ ምስትምቓርን ምድናቕን ግዳ ንርእሱ መርኣያ ብቕዓት ኢዩ’ሞ ሕሰበሉ፡ ኩሉ ክኸውን ዝተፈጥረ ስለዘ

የለ ሂወት ብፍጥረታ ተላፊንካ ምኺና ተቐበሎ ጥራይ ኢየ ዝብለካ ዘለኹ።

ብዛዕባ'ቲ "ክደልየካ ቀንየስ ስኢነካ" ዝበልካዮ፡ ከምዝሰኣንካኒ ዘይኮነ ስለምንታይ ከምዝደለኻኒ ክገርመኒ እንተነይርዎ ኣ ይገረመንን ግና። ኣይፈለጥኩኻን ድኣ ኮይነ'ምበር ካብቲ ኣዘራርባኻስ ኣብቲ ቅድሚ ሎሚ'ውን በዚ ናይ ሕጂ ኣርእስቲ ኣብ ዘቕረብኩዎ ጽሑፍ ዝተኻተትካ ኮይኑ ተሰሚዕኒ ኣሎ። ኣማስያኻ ክትረኽበኒ ብምኽኣልካ'ሞ "እንኳዕ ኣሐጎሰካ" ክ ብል እፈቱ። እንተ'ቲ **"ክደልየካ ቀንየስ ስኢነካ"** ዝበልካዮ ግና ኣነድኣ'ሞ ካብ መዓስ ተሰዊረ እፈልጥ ዘይ ኣብ ጻልጣ ጎል ጎል ወይ ከም ኣብ ልዕሊ ፈሳሲ ከንሳፍፍ ኢኻ ትረኽበኒ። ብኣካል እንተትረኽበኒ'ውን ከምቲ መራሒና ከም ኣናብባኻ ምኺኑ ዝገለጸልና፡ ንስኻ ድማ ንዓይ ንኣብ ላዕሊ ክጽብለል ዝጸናሕኩኻ ከምድላይካ ከተንብበኒ ክትብል ምተበላሸኻ።

ንነገሩ እቲ ከም ሓደ ፈኹስ ነገር ኣብ ላዕሊ ክጽብልል ዝጸንሓካ ዲዩ ቁምነገረኛኻ ወይስ ከም እምኒ ዝጥሕል? ምርጫ ኻ ነቲ ናይ ላዕሊ ዘስተናዕቕ እንተኾይኑ'ውን'ኮ ገና ክትፍተን ኣለካ። ከመይሲ ብስም ናይ ኣብ ላዕሊ ዝጸንሕ ከምቲ ጉላ ል-ምላልን ጉርደ-ምርድን ገፋፊጥካ ዲኻ ክትጉሕፈኒ ወይስ ከምቲ ላህመተ-ጠስሚ ክትቆምዓኒ ምርጫኻ ንዓኻ ይኹን። እንተ ነቲ ሓቀኛ መንነት ክትምስርሕ ኢልካ ትሓስብ ኣሊኻ'ሞ ዝከኣለካ ብዘይምኺኑስ ኣይትሕሰቦ'ኳ። ከምኡ ዘበለኒ ም ኽንያት ኣብ ላዕሊ ጸብሊለ እንከለኹ ካብ ዘይረኣኻኒ ድማ ወይ ኣይደለኻንን ወይ እናረኣኻኒ ከምተሰወርኩኻ ከተምስል ዝመረጽካ ምስሉይ ብምኺንካ ብዘለኒ መሰል ነብሰ-ምክልኻል እብለካ ምህላወይ ክትርዳእ አዘኻኽረካ።

መቸም "እንታይድኣ ተሰዊርካ?" ዘምጽኦ እንድዩ፡ እቲ ንምስዋረይ ከም ምኽንያት ጌርካ 'ዝተሰከፍካሉ' ናይ ጥዕናይ ትዕ ዝብትኻ ኣሻቒሉካ ዘይኮነ ቀዳማይ 'ኣበሳሪ' ዕርበተይን ናይ ኩሉ ከምዚከማይን ንምኺን ብዝሓደረካ ጥሙሕ ምኺኑ በሪ ህለይ ኣሎ። እቲ ዝጠቐስካዮ ርግጸኛ እንተኾንካ፡ ሓቂ'ዩ ኩሉ ሰብ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ኣብ ዝቐርበሉ እዋን ነናቱ ጥበ ብ ኣለዎ። ገሊኡ መታን ክእመንን ውርጹጽ ንምምሳልን ክሳብ ክንዲ ዝከኣሎ ተዓልዩ ክቐርብ ይፍትን። ገለ'ውን 'ውጹእ' (perfect) ንዘይምምሳል ብቋንቋ ዎጀሃላይ ዝዛረብ፡ ድምጽታት ብተክኖሎጂ ዝጥምዝዝ፡ ወይ ብግህዶ ከምክኽርበሸ ዝ ቐረበ ሕሙም፡ ከም ብመስተ ዝተሰነፈ ሰኽራም፡ ከም ዘፍለጠ ጽሉል ኣምሲሉ ዝቐርብ ኣሎ። **ኢሳይያስ ንርእሱ ጽሉል፡ ሕሙም፡ ወጀሃላይ፡** ክመስል ርኢኻዮ ኣለኻ። ኣነ ድማ ኣብቲ ዝተኸታተልካዮ መራኸቢ ብዙሃን ከምቲ ዝበልካዮ መሲ ለ እንተኾይነ ዝመረጽኩዎ ጥበብ ምንባሩ እንተትጥርጥር **"ኪደ-ተኸምበለ"** ኢልካ ከተናድየኒ ክትብል ኣይምተቓላዕካን። ዝኾነ ኮይኑ ኣባኹም ኣብቶም ነብስኹም ከም ደቂ-መንግስቲ ትጽብጽቡዋ ንዘይትነብሩዋ ኣብ ሃገርና ዘላ ቤት ንምዕቃብ ትኣትውዎ ንግዲ'ምበር ሓልዮት፡ ልቦናን መንነትን ዝበሃል ሰሪጽኩም ኣይኮነን። ዝኾነ ኮይኑ ኣብዛ ቀንዲ ተገድሰካ ዘላ እ ዋን ኣነ ድማ እንተ ዝለኣኽኩዎም መንእሰያት ደቀይ ኣሚነ ኩሉ ነገር ናብኦም ገዲፈ፡ እንተ'ውን ብመልክዕ ነብ ሰ-ምክል ኻል እንተስቀጥኩኺ እንታይ'ዩ ክንድኡ ተፍትሸን ምዕልባጥን?

ብዛዕባ ፈተሸተይ ካብ ኣዘኻኸርካኒ ኣብቲ ባይታ መራኸቢ ብዙሃን ልክዕ ናተይ ኣምሲሎም ኣድራሻታት ዘውጽኡ፡ እንተ ቀ የርኩ ዝቕይሩን ዝመረጽኩዎ ስእሊ ዝመርጹን ዘይወዝበኛታት ብዘለዎም እኹል መሳርሒ ኪኖቲ ድሮ ንኩሉ ክፉት መልእ ኽተይ ካልእ እንተተረኽበ ክሳብ መፋትሕ መዓጽ ትዝቶይ ብምስራቕ ኣብ ውሽጢ'ቲ ጽሑፉተይ ናይ ባዕላቶም ፈጠራ ሰና ኒዖም ብምልኣኽ ምስ ቡዙሓት ሰበይ ከላኽፉንን ናባይ ዝዓለመ ክጨውዩን ከምኡ'ውን ካብ ዓምድታተይ ክቖናጥሩ ከምዝ ፈተኑን ቁጽሪ ተሌፎናት እናተለወጠ ወይ እናተሰወረ ዝተገብረ ፈተና ጻውዒት ድማ ኣይወሓደን'ሞ እንተጸንሐ ስለዝሓይሸ ክዛረብ ኣየብሃገንን። ነዚ ምግላጸይ'ኳ **"እይ! መን ኮይኑድኣሉ?"** ዝብሉ መስተናዓቕቲ ከምዘለዉ ርጉጽ'ዩ።

በቲ ሓደ **"መን ኢኻ?"፡** በቲ ካልእ **"ኣጸቢቐ እፈልጠካ ኢየ"** ማለት ኣይገራጮንዶ? ስመይ ጎደፋ፡ ምስለይ ስእሊ ወልወል ደሚርካ ናይ ብርዒ መጸውዒየይ ምኺኑ ድሮ ነጊርካኒ ኣለኻ። ሓቅኻ፡ ንሱ'ሞ ኣርማ ጽሑፈይ ኢዩ። ግናስ ክንድኡ ካብ ፈለጥካስ ኣብ ክንዲ መልክዐይ ምፍታሽ፡ ኪኖ'ዚ ዝርአ ኣርማይ ንዘሎ ረቂቕ መንነታዊ ኒሕን መንፈሳዊ መልእክትን ክት ድህስስ ዘይምብቃዕካ "ምናልባሽዶ ተደፊኑ? ምናልባሽዶ ስዱዕ ኮይኑ?" ክብል ደንጽዩኒ ዘሎ ከይመስለካ። ንምኺኑ መን ነት ጎደፋን ወልወልን፡ ከምኡድማ እቶም ነብሶም ብግቡእ ዘይተቀብረ ስዉኣት ትፈልጦም ዲኻ? እንተ'ቲ ስርዓትና'ሞ መዋእሉ ብመልእዕን መልእኽትን ሓርበኛታትና ምስባህረረ ኢዩ። ንስኻ ድማ ኣካሉ ግዲ ኳንካ እቲ ከምሰበይ ካብቀዳሞ ት ዝተረከብኩዎ መልእኽተይ ዘይኮነ ምስለይ ትደሊ ኣለኻ ። ብከምቲ ፈተነኻ "እዚ ጎደፋ ዝበሃልሲ መን ኢዩ" ትብል ከምዘለኻ ይመስለኒ። ዘድልየና ትሕዝቶ ካብ ኮነ ክንዲ ኣብ ቁምነገር ዝደሃብ ንምንታይ ኢዩ መልክዕ ክርአ ተደልዩ?

**ከሕጽረልካ፡** ኣምላኽ ብተግባራቱ እምበር መልክዑ ከይረኣኻዮ ኢኻ ኣምሊኽካዮ። ኣብዛ ሽኣል ዓለም እንከለኻ ድማ እ ሾኽ'ውን ትኹን ከይትወግኣካ ክሕልወካ ትልምኖ። ምስ ሓለፍካ'ሞ ኣባል ጥራይ ዘይኮነ እንኮላይ ሓላው ኣፍደገ፡ ጸኒሕ ካ'ውን ምሕደራ መንግስተ-ሰማይ ትምነ ትኽውን። ኣምላኽ ክኣምነካን ጥርዓንካ ክሰምዓልካን ከኣ ክንዲ ነብስኻ ብሰናይ ነገር ትቐብኣ ምስቲ ምስሉ ዘይረኣኻዮ ተረጋም ሰይጣን ክትናቐት ትርአ። ክልቲኡ ግዳ ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ። ዝኾነ ኮይኑ ኣምላኽ መልክዑ'ኳ እንተዘይረኣኻዮ ክትቀስን ምእንቲ **"ብኣምሳሉ ካብ ሰርሓናስ ግዲ ከማና ይመስል ይኸውን"** ክትብ ል ትኽእል። ግናኸ ኣይርዳኣካን ድኣ ኮይኑ' ምበር ፍልጠትካ'ሞ ኩሉሳዕ ጎደሎ ኢዩ። ከመይሲ ኣምላኽ ብመልክዑ ካብ ፈጢርና ንሱስ ንመን ከምዝመስል እንዶ'ኳ የብልካን።

ንነብስኻ'ንዶ ከምዚ ኢልካ ሕተታ። ኣምላኽ ማለትሲ ከመይ ዘሉዎ ጋብን ካባን ለቢሱ ኣብ ወርቂ መንበር ተቐሚጡ፡ ኣ

ብቲ ሰያብ ርእሱ ከቢብ ቆቡዕ ዝደፍኣን ጭራሑ ብየማናይ ኢዱ ዓቲሩ ብጸጋሙ ድማ ነቲ ነዊሕ ሰያብ ጭሕሙ እናዳህሰሰ ክስተምህር ዝረኣየካ ምዕሩግ ሰብኣይ ከምዝመስል ዲዩ ዝመስለካ ወይስ ሓንቲ ብልክዕ ኣለባብሳ ዝለበሰት፡ ጸጉራ ኣብ ሓመሽተ-ሸውዓተ ረጎድቲ ጭዳዶ መቒላ ንድሕሪት ዘው! ዘበለትን ኣኽሊለ-መኾምብያ ዝደፍኣትን ኳዕናን ውቅብቲ ኣደ? ካብ ክልቲኦምሲበል ኣምላኽ ንየናዮም ይመስል? ዶስ'ታ ሰበይትስ ኣይምልከታን? ዶስ ኣምላኽ ጾታ የብሉን?

ድላዩ ይምሰልካ ዝብሎ ዘለኹ ግን እምነትካን ኣምልኾኻን ሰናይ ተግባራት ናይ ንኣምላኽ፡ ኣእኪቱ ድማ ነቲ ከምዚ ከማይ ሓውላል ዝዕድሉ ተረጋም ሰይጣን ከተላግበሉ ከምትነብር እፈልጦ'የ። ክሳብ ድማ ባዕልኻ ንዝፈጠርካዮ ዓገብ፡ ኣይ ብኢዱ፡ ኣይ ድማ ብኣፈ-እግሩ **"ሰይጣን ኣስሒትኒ"** ከምትብል ኣጸቢቐ እፈልጦ ኢየ።

ደጊመ ክሓተካ ሕጂ። ንኣምላኽ-ሰይጣንሲበል ኣበይ ርኢኻዮም ትፈልጥ? እንተድኣ መዐቀኒኻ እታ ኑብስኻ ትኣምነሉ ጸጽቡቑ ኮይኑ እምባኣር ንዓይ'ውን ብመልክዐይ ዘይኮነ ብትሕዝቶይ ክትጽበየኒ እምሕጸናካ። እንተድኣ መልክዐይ ምርኣይ ኣድልይካ ግና ኣብ ላዕሊ ጸንበለል እናበልኩ ከተናድየኒ ቁልቁል ኣፍካ ኣይትጥሓል ሰብታሕቲ ኣዐርዮም ከይሸሙኻ።

ንፕረሲደንት ኢሳይያስ "ፕረሲደንት" ምባለይ ከምዘሕምምካ ጠቒስካ። ኣብቲ ዝሓለፈ እዋን'ውን ተስፉይ ተምኖ ኢሳይያስ ስልጣን ብስሪሑ ከምዘምጽኦ ብምጥቃሱ ብዙሕ ትሒም-ትሒም ፈጢርልኩም ምንባሩ እዝከረኒ። ሓቂ ድማ ኢዩ ዋላ'ኳ ተስፉይ ስልጣን ብኢዱ ከምዝመንዝዐ'ምበር ዝሃቦ ከምዘየለ ክገልጽ ክብል ነታ ቃል ከምተጠቕመላ እንተገለጸ ብፍላይ ፖለቲካዊ ቃላት ብዝህብዎ ትርጉም ተሰረቕቲ ብምኳኖም ምቅይያም ኣይተርፍን። ኣብ ማሕቡስ ህግደፍ'ካ ዋላ ኣይ ትሕሰቦ ቃላት ብዝህቡዎ ትርጉም ሞት ኢያ ባቃ! እሞ ክትዛረብ እንከለኻስ ቃላት ብዝህቡዎ ትርጉም ምምራጾም ኣገዳሲ ኢዩ። ብተወሳኺ ተስፉይ ኢሳይያስ ብክቱር ወንን ተወፋይነትን እናተዋግአ እንከሎ፡ ብጾቱ ንሱ ከይነቑሮም ለሚኖም ካብ ዕርዲ ከምዘውረዱዎን፡ ኣብቲ ግዜ ምዝንጋዕ ድማ ምስ ንዕዑ ክቕትል ዝፈተነ ከምተሓናነቐን ገሊጹ ነይሩ። ንተስፋይ መሲልዎ ይኸውን፡ እንተ ንኻልኦት ኢሳይያስ ዝሰርሖ ድራማ ምዃኑ ስለዘረጋገጹ ንተስፉይ ዝመሰሎ ኣይምሰሎም'ም በር ክቀያይም ኣይግቡእን! ኢሳይያስ ድማ ኣብ ልቢ ህዝቢ ክሰፍር ዘይገበሮ ድራማ'ኮ የለን። ክሳብ መኸደን ጁባ ኣፍ-ልቡ ብሰንጢ ፈርፊው ጥይት ከምዝበስዖቶ ከምስል ዝተጣበቦ ድራማ ዝብሉዋ'ውን ክሳብ ሎሚ ኣብ ስእሉ ትርአ ኣላ። ሓቑኸ? "ኦይ! ኢሳይያስ ዝዋዓላ ዕርድስበሉ ኣላ ኢያ?" ተባሂልና ከይንሕተት ስቕ ይሓይሽ።

እንተ'ቲ ኣነ "ክቡር ፕረሲደንትና፡ መራሒና፡ መንግስትና፡ ባንዴራና፡ ምባለይ'ሞ ቁዋማዊ ቋንቋ ምዃኑ ኣይተረዳኣካን ይኸውን። "ግዜያዊ ፕረሲደንት" ክብሎ ከለኹኸ ብታሕጓስ ትጭደድዶ? ክዘናጥሎ እንተዝውዕልከ ቆጽሊዶ መውደቕካ ለይ? "ክቡር ፕረሲደንት" ክብል እምነተይ እንተኾነኸ እንታይ ኢዩ ሽግርካ? በል ክብርን ሕቶመሰልን ኣይነጻጸሉን'ዮም።

ብኣንጻር'ቲ ትብሎ ንርእስኻ'ምበር ንኢሳይያስ ኣብ እንዳ ኣምላኽ-ሰይጣን ከተናድዮ ኣይትትዓብ። ከመይሲ ክትፍቶ ክትብል ከምቲ "ኢሳይያስ ዘይበለ" ክብል ዝሰማዕናዮ ሓደ ገልዒ ንስኻ ድማ ብሰብኣይካ ኣሳእል ወዲ-ሰብ እሞ ድማ ስእሊ ኢሳይያስ ክትስዕምሲ **ጣኦት ከምዘምለኽካዶኾን ተሰቕሩካ ይኸውን?** እናሳዕ ድማ **"ኢሳይያስ ሰይጣን ኢዩ"** ከምትብል ሰሚዕና። ከም ሰይጣን ምቑጻርካኸ ከተድንቕዲዩ ዓላማኻ? ከምኡ እንተኾይኑ እንደገና ንዝበልኩዎ ክደግሞስ ሰይጣን እንታይ'ዩ ንዓኻ? ማለት "ሰይጣን" ማለትካስ ሓደ ኣዕናዊ ግብረ-እኪት ዲዩ ወይስ ሓደ ዘይጻዓድ ኣርሓ? ዝኾነ ኮይኑ ንሰይጣን መዳርግቲ እኒ ኢሳይያስ ኣምሲልካ ኣይተከሻምሾን ምስደይመጻብእትኻ ኣይትጻባእን ከይጻብኣካ። ምኽንያቱ ኢሳይያስ ዝተላእኮ ዝገብር መሸከን ኢዩ። ሰይጣን ግና እናተነወረ'ምበር እታ ናይ ባዕሉ እምንቶ እንዳኣሉ ዝገብር! ድሓር ድማ ካብ ሰማይ ተሰጒጉ ዝወረደ ፍጡር እዛ መሬት'ኮ ናቱ ኢያ። ኣብ ጤሳኡ ተቐሚጥካ ክትውንጅሎስ ኣይግድን።

ዝኾነ ድማ ይኹን፡ እንተ'ቲ ምስ ሰይጣን ከተወዳድሮ ትህቅን ኢሳይያስ ሓንቲ መዓልቲ ክሕነቕ እንተትሪኦ'ሞ ብዘየወላውል "ትንሳኤ ምውታን፡ ኣሰሮ ለሰይጣን፡ ኣግኣዞ ለኣዳም፡ ኮነ-ፍስሃ ዎሰላም!" ኢልካ ክምትጭድርን፡ ብክንድቲ ዘምለኽካዮስ ይትረፎ፡ ከም ሰቡ'ውን ንብዓት ከምዘይተንጥበሉን እፈልጥ ኢየ'ሞ ምውድኽዳኽ ገዲፍካ ሰብኣይ ኩን።

ናብዚ ዘመን ዘምጽኦ ዝበልካዮ ግናኸ ዘመን ዝገደፎ ፖላቲካዊ ሕቶኻ ክምለስ። ማለትካ ነዚ ናይ ተስፉጺዮን ከምዝኸውን እግምት። ከምኡ እንተኾይኑ ንሱ ነቲ መዳመቒ ወይ ብመደብ ዝግበር ምዝንጣላትን ምጉብዕባዕን ገዲፍና ሓሳብ ሒዙ ከምዝመጸ ይገልጽ ኣሎ። ካብኡ ንኣብነት፡-

"ዮሃንስ ኣሉላ ገዛእትና ዘይኮኑስ ነጋውስና ኢዮም። ኣብ ዓድዋ መሓውርና ዝቖረጸትና ድማ'ዛ ጠንቋሊት ኣምሓራተይቲ' ምበር ኣሉላ 'ታይ ገይሩ? 'ንሓማሽናይ ብማሕላ፡ ንደርሆን ብማሽላ" ዝተባህለ'ውን ፈጠራ'ዩ። እንተላይ እቲ "ልቢ ትግራይ ጥውጥዋይ" ዝባሃል ከተረፈ ልብታትኩም ዘይምፍላጥ'ዩ'ሞ ሎሚ ግና ኩሉ ገዲፍና ወዮ ንኡስ ወዲ-ወዶም ማለት ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓድሽ ናይ ትሽዓተ ቢሄራት መንነት ፈጢሩ ኣብ ዝባን ኢቲዮጲያ ክሕንገር ፈቲኑ ብሰንኪ ፕረሲደንት ክሊንተን ካብ በርዓኖ ዓንጺ-ዓንጾ ንዓና ን'ኣኽረርቲ' (ብፍላይ ንትግርኛ) ኣልማማ ምዕጻዱ ናይ ይቕረታ መልእኽቲ'ኳ እንተዘየስማዓና ብሕጓ ግና ምእንቲ ዕቤት ክልቲኡ ትግርኛ ክብል ምዃኑ ዝዓመጻና፡ ከምኡ እንተዘይገብር ግና እቲ ናጽነት'ውን ከምዘይምተረኽበ ኣሚንና ንጸመም'ሞ ከም መደበስታ ወጽዓና ድማ ብወዱ ንጉሰ-ነገስት ኣብራሃም ኢሳይያስ ክንካሓሶ ኢና። ምንም ጥቕሚ ንዘይብሉ ብዘበን ውብ ምጽማምን በሰላ ቁስሊ ምሕካኽን ገዲፍኩም ነታ እዛ ጠንቋሊት ኣምሓረተይቲ መንጢላትና ዝጸንሓት ናይ ዘበነ-እኒእኒ (ሰለስተ ሽሕ ዓመታት) ዝዕድመኣ ሃገረ-ኣግኣዝያን ክንእውጅ ንበገስ። ኣውራ ንቕሓት ዘድልዮ ግና ህዝቢ ኤርትራ ብምዃኑ፡ ባህሪ ቃልስና'ውን ሰላማዊ ስለዝኾነ ብዕጥቂ ራዲዮን ተ

ሌቪዥንን ኣብ ገገዝኡ ክንድርገም ምእንቲ ሃየ ገንዘብ ኣዋጽኡ ገንዘ-----ብ! ገንዘብተሎ ብሰማይ መገዲ ኣሎ! ‘ኣግኣዚት’ ድማ በሉ ክትምዕብሉ! እንተዘይበልኩም ግና ትሕመሉ ባቃ!". . . . ዝብል ዘሎ ኮይኑ እንተተሰሚዕካ ሓዲኡ ግበር'ምበር እንታይ ናባይ ዘጠምት ኣለካ?

እንተ ኣነ ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 20 ክ/ዘመን ተወሊደ ብናይ 19 ክፍለ-ዘመን ፖለቲካ ዝተዋሳእኩ ዜጋ ብምዃነይ፡ እታ ት ዛረበላ ዘለኻ ሃገርና’ውን ከምተን ካልኦት ብውጽኢት ናይ 19 ክፍለ-ዘመን ፖለቲካ ዝተመስረተት ብምዃና፡ ሎሚ’ዚ ሓ ድሽ ወለዶ ሕቶ እንተልይዎ ብወገነይ ድሮ ድማ ዓለሙ ክፈጥር ተላብየዮ ስለዝኾንኩ ልክዕ ከም ውጻእ ብርኪ "ንስኹ ም ኤርትራ፡ ንስኹም ድማ ትግራይ ክንዲ ትብሉ ተደሚርኩም 'ሃገረ-ኣግኣዚ' ኢኹም" ኣብ ዝጭርሕ ሓድሽ ዝመስል ፖ ለቲካዊ ጽምዶ የማነ ፍሻለ ተቖሪኑ ክታተ ምርኣይ ንምንታይ እጸልኦ?

መንቀሊ ናይቲ ዝጠቐስካዮ ጽሑፍ ብሄራት ነናተን ሰልፍታት ክሰርሓ ክመጣጠራ ምስ ረኣኹ "ዘሐጉስ ዜና" ብዝብል ኣ ርእስቲ ምስረታ ሰልፊ ብሄረ-ትግርኛ ኣበሲረ። እዚ ግና ከምዚ ትብለኒ ዘለኻ ምስ’ዚ እዋናዊ ኣግኣዚነት ዘራኸብ ፍጹም የብሉን። እንተድልይካ ንመሃዚኡ ክትጥይቕ ይከኣለካ’ዩ። ኣብ ዘቃላሕኩሉ እዋን ዘንከራረወ ናይ ተቓውሞ መዘረጋሕ’ ውን መንቀሊኡ ግድን ካብቲ እምባ ከምዘይነበረ ሽዑ ተረዲኣዮ ኢየ። ቀንዲ ምኽንያት እቲ ሕቶ ብሄረ-ትግርኛ ዶብ ከ ይሰግር ዝጸልኡ ምንባሮም ግና ካባኻ እሰምዖ ኣለኹ። እንተ ብወገነይ ብሄራዊ ጥርናፈ ንረብሓ ሃገር ዝጠቅምን ቅቡልን እንተኾይኑ፡ ንምንታይ ከምዝጸልእዎን ከምዘጓጠጡለይን ከየተሓሳሰበኒ ኣይተረፈን። ዝኾነ ኮይኑ መሰል ህዝቢ ብሄራት ንምኽባር ክሳብ ሰልፍታት ምቛም ቅኑዕ እንተኾይኑ መሰል ትግርኛ'ውን ልክዕ ከምተን ካልኦት ብፍትሓዊ መገዲ ክሕሎ ኣለዎ። ነዚ ኩሉ ሕቶታት እንምልሰሉ እዋን ግን ብኸመይን መዓስ ኢዩ?

ከምእምነተይ ንህዝቢ ኤርትራ ኢዱ ጠዊኻን ጥርሑ ኣትሪፍካን ምርጫ ምስ ሰኣነ በስገዳድ ዘይእምነቱ ከተርዕሞ ምፍታ ን ግና ዝገደደ መግዛእቲ ምዃኑ ጥራይ ዘይኮነስ ከምዘይካኣል’ውን ዘይምርሳዕ። ከምኡ ምምናይ እቲ ቀንዲ ተልእኾ ፕረ ሲደንትናን ጉጅለኡን ምዃኑ ምርድኡ ድማ ንርእሱ ልቦና ኢዩ። ዝብሎ ዘለኹ ይርዳኣካ እንተልዩ፡ እቲ “ህዝቢ ኤርትራ ዝተጋደለ ፈደረሽን ምፍራሱን ስርዓት ኢቲዮጲያ ብዘርኣዮ ጭካነን’ምበር ብልቡ ናጽነት ደልዩ ኣይነበረን” ዝብል መግዛእ ታዊ ኣመለኻኽታ፡ ሎሚ’ውን ብሳላ ዕሱብ ፖሊሲ ገዛኢ ህግደፍ ዓዛብና ንርኢ ስለዘለና፡ ህዝብና ስለዘይምለኸሉ ናብ ቀ ጻሊ ህውከትን ውግእን ከምዝድርገም ተገሚቱ፡ ድሮ ስለዝተዳኸመ ድማ ጥቕሊሉ ንብርሰት ክቃላዕ ወይ ክንብርከኽ ከ ምዝተጠበበ ፖሊሲ ድቕድቕ ጸልማት ክጉልብቦ ከምዘይከኣለ ክበርሃልካ ኣለዎ።

ብዝተረፈ ትማሊ “ወያነ መጸትካ” እንዳተባህለ ናይ ዝባኑ ከይተረፈ ተገፊፉ ካብ ማእከል ርእሲ ከተማኦም ዝተባረረ ህ ዝቢ፡ ሎሚ’ውን ካብ ማእከል መሰረቱ እናተደከረ ጥራይ ዝባኑን ከብዱን ናብ እግሩ ዝመርሖ ከምዝነፍጽ እንተተገደደ፡ ወያነና ነቲ ዕሩቕ ሃዳሚ ክናና-ምናናኣ “ኣግኣዚት ጥራይ በል” እናለት ኢዳ ዘርጊሓ ክትቅበሎ ኢልካ ዘረባኸ ‘ታደለ ብድ ዐ’ዩ? ካን የሎንዲዩ’ታ ወዮ መንእሰይና?

ከክፉኡ ምሕሳብን ምጽሓፍንሲ ክንደይ ይኸፍእ ሓወይ! በል ብኣካል እንተዘይተቐልቂልካኒ ኣብታ ትቕጽል የራኽበና።

ጎደፉ፡